ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ትምህርቲ ስልጠናን ነጋ ገ/ዝጋብሔር ዕዳጋ ዓርቢ ንምምሃርን ምስትምሃርን ግልጋሎት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ቀወምትን ሃለቕትን ንብረታት ክዕድግ ስለዝደለየ በዚ መሰረት ድማ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሚያዝያ 16, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 2, 2011 6:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 2, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ሎት 1 መሳርሒ ፅሕፈት ፣ ኣቁሑ ፅሬት

ሎት 2 ኤሌክትሮኒክስ ካልኦት ንብረታትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሕጋውያን መቅረብቲ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

ናይ ጨረታ መምርሒ

1 ናይ 2010ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈለን 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎን

2 መለለይ ቁፅሪ ኸፋላይ ግብሪ ዘለዎም ዝተሓደሰ ወረቐት ምስክር መቅረባይነት ከቕርብ ዝኽእል

3 ተወሰኺ እሴት ታክስ ዝኾነን ናይ ወርሒ ለካቲት 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጠሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል

4 መክበሪ ጨረታ ብጥረ ገንዘብ ይኹን ኣብ እዋኑ ዝተረጋገፀ ሰርቲፋይድ ቼክ ወይ CPO ክትሕዝዝኽእል ሎት 1 ብር 5000.00 (ሓምሽት ሽሕ ቅርሺ) ሎት 2. ብር 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ቅርሺ) ክትሕዝ ዝኽእል፤

5 ንኹሎም ዓይነታት ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 50.00 ብምኽፋል ከብ ክ/ስ/ዕ/ፆ/ን/ምም/ርን ቁፅሪ ቢሮ 9 ካብ ዕለት 14/08/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 02/09/2011 ዓ/ም ሰዓት 6.00 ምውሳድ ዝከኣል ምኻኑ፤

6 ሰዓራይ ጨረታ ንዝሰዓሮ ንብረት ምስ ተገለፀሉ ኣብ ውሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ኣለዎ ።ድሕሪ ውዕሊ ምእሳሩ እቲ ንብረት ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሐ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጋዓዝያን መራገፍን ፅሬቱ ብቴክኒክ ኮምቴ ምስተረጋገፀ ናብ ነይ ኮሌጅናን መኽዚን ጠቅሊሉ ምስ ኣረከበ ክፍሊት ዝፍፀመሉ ይኸውን።

7 ሰዓረቲ ጨረታ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት ዋጋ 10% ውዕሊ መኽበሪ ክትሕዙ ዝኽእሉ፤

8 ኣብቲ ዝርዝር ጨረታ ቅሬታ ኣለኒ ዝብል ተወዳዳራይ ኣሸናፊን ተሸናፊን ድሕሪ ምግላፁ ኣብ ውሽጢ 3ተ ስራሕ መዓልቲ ቅሬትኡ ብፅሑፍ ከቕርብ ኣለዎ

9 ኣብ እዋን ጨረታ ነቲ ጨረታ ዘዛብዐን ከዛብዕን ዝፈተነ ብሕጊ ተሓተቲ ይኸውን።
10 ተጫረቲ ዝወዳደርሉ ዓይነት ንብረት ኣብቲ ዝተዳለወ ቅጥዒ ጥራሕ ክመልኡን ስርዝ ድልዝ ዘይፍቀድ ምካኑን ብዘየሻሚ ግልፂ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብዝኾነ ክፅሓፍ ከምዘለዎ ብተወሳኺ እውን ንኹሎም ሰነዳት ብሽምዒ ዝተዓሸገ ፖስታ ክቐርብ ኣለዎ።

11 ድሕሪ ጨረታ ምክፋቱ ዝኾነ ይኹን ተጫራታይ ካብቲ ጨረታ ዓርሱ ከግልል ዘይኽእል ምኻኑ፤

12 አዚ ጨረታ እዚ ዕለት 02/09/2011 ዓ.ም ሰዓት 6.00 ቅድሚ ቀትሪ በቲ ዕለት ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት 8.00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኽብሉ ይኸፈት

13 ኮሌጅና ጨረታ ምስ ተኸፈተ ከም ኣድላይነቱ ነይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክውስኽን ክቅንስን ዝኽእል ምኻኑ፤

14 ኮሌጅና ዝሓሸ ኣማራፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል እቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346-460314 ወይ 0343-460023 ምሕተት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle